# መዓርግን ስልጣንን ፓትርያርክ

## ስልጣን ፓትርያርክ

መሰረት ስልጣን ፓትርያርክ ካብ ሰማይ እምበር ካብ ባይታ ኣይመጸን። ክርስቶስ ከመይ ዝበለ ስልጣን ንሃዋርያት ከም ዝሃቦም ዝሕብሩና ኣብነታት እዞም ዝስዕቡ ጥቕስታት ምስክር እዮም። “በቲ ሓቂ ቀድሶም፣ ቃልካ ሓቂ እዩ። ከምቲ ንዓይ ናብ ዓለም ዝለኣኽካኒ፣ ከምኡውን ኣነ ናብ ዓለም ለኣኽኩዎም”። (ዮሃ፡17፡17-18) “ሽው ኢየሱስ ከም ብሓድሽ ሰላም ንኣኻትኩም ይኹን። ከምቲ ኣቦ ንኣይ ዝለኣኸኒ፣ ኣነውን ከምኡ እልእኸኩም ኣሎኹ በሎም። እዚ ኢሉ ኡፍ በለሎም እሞ፣ መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ”። (ዮሃ፡20፡21-22) “ስለዚ ኺዱ ንኹላቶም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም ዝኣዘዝኩኹም ኹሉ ኺሕልዉ ኸኣ እናመሃርኩም ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም። እንሆ ድማ፣ ኣነ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ኹሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ”። (ማቴ፡ 28፡20) “ኣነ ኸኣ እብለካ ኣሎኹ፡ ንስኻ ጴጥሮስ ኢኻ። ንማሕበረይ ከኣ ኣብዛ ከውሒ እዚኣ ኽሃንጻ እየ፡ ደጌታት ሲኦል ድማ ኣይሕይልዋን። መርሑታት መንግሥተ ሰማያት ክህበካ እየ፣ ኣብ ምድሪ ዝኣሰርካዮ ኹሉ ኣብ ሰማይ እሱር ኪኸውን እዩ። ኣብ ምድሪ ዝፈታሕካዮ ኹሉ ድማ ኣብ ሰማይ ፍቱሕ ክኸውን እዩ።” (ማቴ፡ 16፡ 18-19) ኢሉ ኣብ ልዕሊ ሓዋርያትን ኣብ ልዕሊ ኹላ ቤተ ክርስቲያንን፡ ንጴጥሮስ ቀዳማይ ፓትርያርክ ክኸውን ክርስቶስ ምሉእ መዓርግ ስልጣን ሃቦ።

ናይ መጀመርታ ፓትርያርክ ተባሂሉ ዝጽዋዕ እግዚኣብሔር ‘ኣብ’ ባዕሉ እዩ። ከመይሲ “ኣባ ኣቦ” ተባሂሉ ስለ ዝጽዋዕ። ‘ኣባ ኣቦ’ ድማ፣ መራሕ ኹሉ እምነት ዝኾነ ኣቦና ኣብርሃም፣ ኣቦ ብዙሓት ህዝብታት ገይረካ እየ እሞ፡ ደጊም ስምካ ኣብራም ኣይጸዋዕ (ዘፍ፡17፡5-7) ምስ ተባህለ እዩ። ድሕሪ ኣብርሃም ድማ ሙሴ ኣብ ልዕሊ እሥራኤል መራሒን ኣቦን ነበረ። ኣብ መውዳእታ ድማ፣ እቲ ኣካል ሥላሴ ዝኾነ ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ‘ኣቦ’ ኹሉ ከም ዝኾነ ነገረና። ንሱ ድማ ነቶም መንፈስ ቅዱስ ዝሓደሮም ሓዋርያት ኣብ ቤቱ፣ ኣብ ክንድኡ ኣቦታት ኰይኖም ክመርሑ ምሉእ ሥልጣን ሃቦም። ሓዋርያት ድማ ነቶም ብድሕሪኦም መንፈስ ቅዱስ ዝመረጸም ኣቦታት፣ ከምቲ ንዓኣቶም ክርስቶስ ምሉእ ሥልጣን ዝሃቦም፣ ምሉእ ሥልጣን ኣቦነት ሃብዎም። እዞም ኣቦታት እዚኣቶም ድማ ክሳብ ሕጂ ንቤተ ክርስቲያን ብዘድልያ ዘበለ እናመርሑ፣ ክሳብ ምጽኣት ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከጽንሕዋ ሓደራ ተዋህቦም። እዞም ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመርጹ ኣቦታት ሥልጣኖም መዓርግ ኣቦነቶም ከይተቐየረ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ዘመናትን ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራትን ስሞም ይቀያየር እዩ። ንኣብነት ኣብ ሮማ ኣብ ምስሪ፡ ፖፕ፡ ፓትርያርክ፡ ካቶሊኮ፡ ዓቢይ ጳጳስ፣ ቀዳማይ ጳጳስ፣ ሊቀ ጳጳሳት፣ ርእሰ ጳጳሳት፣ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት እናተባህሉ ይጽውዑ። ፓትርያርክ ብመዓርጉ ወኪል ክርስቶስ ኣብ ምድሪን ኣቦ-መንበር ሲኖዶስን ጠቕላላ መራሒ ቤተ ክርስቲያንን እዩ።

## ፓትርያርክ ዝብል መጸውዒ

ፓትርያርክ ዝብል ቃል “Παπας” - "pater" (ኣቦ) and "archon" (መራሒ) ካብ ዝብሉ ቃላት ዝመጸ እዩ። መበቆሉ ቋንቋ ጽርኢ ኮይኑ ትርጉሙ ድማ "መራሒ-ኣቦ" ማለት እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ንመጀመርታ ግዜ ፓትርያርክ ዝብል መጸውዒ ነቦታት ዝተዋህቦም ብ200 ዓ.ም. ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ፣

ኣለክሳንደር ዓቢ ነቶም ሰብዓ ሊቃውንቲ እስራኤል ንመጽሓፍ ቅዱስ ካብ እብራይስጢ ናብ ኮይን ዝተባለ ቋንቋ ጽርኢ ክትርጉምዎ ትእዛዝ ምስ ሃቦም እዩ። ንሳቶም፣ ነቲ "ኣቦ ኹሉ" ዝብል ቃል ናብ ፓትርያርክ ዝብል ምስ ለወጥዎ፣ ብኡ መሰረት ኣብቲ Septuagint ተባሂሉ ዝጽዋዕ መጽሓፍ ቅዱስ ቦታ ሓዘ። ከም መጸውዒ መዓርግ ንዝለዓሉ ኣቦታት-ቤተክርስቲያን ዝተጀመረሉ ግና ብ42 ዓ.ም ኣብ ኣለክሳንደርያ (ግብጺ) ተጀመረ። ካብዚ ንደሓር ቤተ ክርስቲያን መንበረ ማርቆስ፣ ነቲ ቀዳማይ ኣቦ መዓርግ ፓትርያርክነት ትህብ እኳ እንተ ነበረት፡ "ፓትርያርክ" ዝብል መጸውዒ ዝያዳ ክፍለጥ ዝጀመረ ግና፣ ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ ቤተ ክርስቲያን (ጉባኤ ኒቅያ) ብ325 ዓ.ም. እዩ። ቀንዲ ቦታኡ ዝሓዘን ናይ ኩላተን ቤተ ክርስቲያናት መጸውዒ ዝኾነን ግና ኣብ ሳልሳይ ጉባኤ ቤተ ክርስቲያን (381 ዓ.ም) እዩ። ብሕጊ ጸዲቑ ወግዓዊ መጸዊዒ መዓርግ ምስ ኰነ፣ ኣብ 6ይ ክፍለ ዘመን ኩላቶም ኣቦታት "ፓትርያርክ" ተባሂሎም ክጽውዑ ንሊቀ ጳጳስት ሮማ፣ ንሊቀ ጳጳሳት ኣንጾክያ፣ ንሊቀ ጳጳሳት ቁስጥንጥንያ፡ ከምኡውን ንሊቀ ጳጳሳት ኢየሩሳሌም መልእኽቲ ተላእከ። ካብዚ ንደሓር፣ ቤተ ክርስቲያን ነቶም ኣብ ምድሪ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመርጹ መራሕታ "ይደልዎ" እናበለት ክሳብ ሕጂ ነዚ መዓርግ እዚ ትጥቀመሉ ኣላ።

## መዓርግ ፓትርያርክ ዕድመ ልክዕ እዩ፤

"ፓትርያርክ ኣብዛ ምድሪ ብመንፈሳውን ሕጋውን መገዲ ወኪል ክርስቶስ ኮይኑ (representative or 'Kholaphaa) ፣ እምነት ክሕሉ፣ ምእመናን ኪጓሲ ዝተሾመ መራሒ እዩ።" (ፍትሐ መንፈሳዊ: ኣንቀጽ 4)። መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሰረት ናይዚ ድማ "እቲ ንዓኹም ዝቕበል ንዓይ ከምዝተቐበለ . . ." ዝብል እዩ። መዓርግ ፓትርያርክነት ኣይሰዓርን እዩ፤ ከመይሲ ህያብ መንፈስ ቅዱስ ስለ ዝኾነ። በዚ ምኽንያት ድማ እዩ ፍትሓ ነገሥት "ሊቀ ጳጳሳት (ፓትርያርክ) ከምቲ ኣቦ ኣብ ልዕሊ ደቁ ምሉእ ስልጣን ዘለዎ፡ ፓትርያርክ ኣብ ልዕሊ መእመናን ምሉእ ሥልጣን ኣለዎ ዝብል። ሊቀ ጳጳስ (ፓትርያርክ) ነቶም ኣብ ትሕቲኡ ዘለዉ ክእዝዝ ምሉእ ሥልጣን ኣለዎ፣ ከመይሲ ንሱ ኣብ ርእሲ ኩላቶም ህዝበ ክርስቲያን ከም ጴጥሮስ ሓለቓ እዩ። ኣብ ርእሴኡ ድማ፣ ኣብ ልዕሊ ኩላተን ቤተ ክርስቲያናት ምስሌነ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። (ፍትሓ ነገሥት ዓንቀጽ 4፤ 54)

## መዓርግን ሥልጣንን ፓትርያርክ እንተተንከፈ፣

ኒቅያ ፱ ኣብ ልዕሊ ፓትርያርክ (ሊቀ ጳጳስ) ዝኾነ ክሲ እንተ ተረኺበ፣ እቶም ኣብ ትሕቴኡ ዘለዉ ጳጳሳት ክፈርድዎ ሥልጣን የብሎምን። ፓትርያርክ በደል እንተገበረ ካብቶም ሰለስተ ፓትርያርክ ሓደ ተረኺቡ ነቲ ዝተባህለ ክሲ ከይመርመረ ክሱ ቅቡል ኣይኰነን። ካብቶም ሰለስተ ሓደ ምስ ተረኸበውን መጺኡ ካብ ስራሕ ከሰናብቶ ወይ ምስቲ ክሲ ክሰማማዕ ክሕበል ኣይግብኦን"። (እዞም ሰለስተ ዝብሎም ዘሎ ካብቶም ኣቸዲምና ዝረኣናዮም ፓትርያርክ ኣለክሳንድርያ፤ ሮማ፣ ኤፈሶን፣ ኣንጾክያ ማለቱ እዩ። ፍትሓ ነገስት ዓንቀጽ 4፣41 ተመልከት።)

ፓትርያርክ ኣብ ልዕሊ እቲ ዘለዎ ሥልጣን ድማ ብመዓርጉ ካህን እዩ። መዓርግ-ክህነት ክሳዕ ሞት ስለ ዝኾነ፣ መዓርግ ፓትርያርክ ድማ ብህይወት ክሳብ ዘሎ ኣይሰዓርን'ዩ። መዓርግ ክህነት ይኹን መዓርግ ፓትርያርክነት ካብ ሰብ ዘይኰነ ካብ ላዕሊ ካብ መንፈስ ቅዱስ ዝርከብ መዓርግ ከም ዝኾነ ድማ መጽሓፍ ቅዱስ ይምህረና።